## ተጋድሎ ሓርነት ኣርትራ - ሰውራዊ ባይቶ
## ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ፣
## ኣብ ከተማ ሎንዶን፣
## ዕዉት ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኣባል መሪሕነትን ፈጻሚት ሽማግለን፣ ስርርዓዊ ጉዳያት ሓላፊ ብጻይ ኣሰፋው፣ በርህ ዝመርሖ ሰሚናር ብዕለት 09-09-2006 ኣብ ሎንዶን ብዓወት ተሰላሲሉ።

ብመሰረት 6ይ ጉባኤ ውድብናን ዕዉት ውሳነታቱን ዝተጸውዐ ሰሚናር፣ ብፍላይ ውድብና ንፓርቲ ኣብ ምስግግጋር ዝወሰዶ ውሳነን፣ ንምዕዋቱ ዝጠልቦ መስርሕን፣ ዘይምእኩል ምሕደራን ኤርትራዊ ረብሓቱቱን፣ ነጻ-ዕዳጋን ምክኑይነቱን፣ ብፍትሓውን ሕጋውን ኣገባብ መርየት ንዋናኡ ንህዝቢ ኤርትራ ብኸመይ ይምለስን፣ ካብ ብጻይ ኣሰፋው መብርሂታት ድሕሪ ምስማዕ፣ ተሳታፊ ሰሚናር ብዝያዳ ብዘሳተፈ፣ ብሕቶን መልስን እውን ከምዝዓሙቕ ተገይሩ።

ብጻይ ኣሰፋው መብሪሂታቱ ድሕሪ ምሃበ እውን፣ ፍሉያት ርእይቶታትን፣ ለበዋታቱን ድሕሪ ምስማዕ፣ እቲ ሰሚናር ኣብ ዝተመደበሉ ሰዓት ብዓወት ተዛዚሙ።